

ጐይታናን መድሓኒናን ብ11 ጥሪ ተጠሚቑ ን ገዳም ቆረንጦስ
ወጺ ን40 መዓልትን ለይትን ምስ ጾመ ጠመየ፡ እቲ ፈታኒ ኸኣ
ኣብ ገዳም ትደልዮ ከምዘይርከብ ፈሊጡ ወዲ ኣምላኽ እንተ
ኾንካስ እዚ ኣእማን እንጌራ ኪኾውን በል በሎ።(ማቴዎስ 4፡3)
4-የሱስ ግና ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ ኵሉ ቓል እምበር
ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን ጽሑፍ እዩ ኢሉ መለሰሉ!! 5-...ኣብ
ገምገም ቤተ መቕደስ ደው ኣበሎ።6-እግርኻብእምኒ ኸይትዕንቀ
ፍ በኢዳዎም ኬልዕሉኻ ንመላእኽቱ ምእንታኻ ይእዝዝ ጽሑፍ
ኣሎ'ሞ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኾንካስ ንታሕቲ ገጽካ ጽደፍ በሎ።
7-የሱስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታተኖ ድማ ጽሑፍ
ኣሎ በሎ። 8- ድያብሎስ ከም ብሓድሽ ናብ ኣዝዩ ነዊሕ ከረን ወሲዱ መንግስታት
ኵላ ዓለምን ክብረተንን ኣርኣዮ'ሞ፡ 9-ፍግም ኢልካ እንተ ሰገድካለይ እዚ ኹሉ
ኽህበካ እየ በሎ።10-ሽዑ የሱስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ ድማ
ተገዛእ፡ ጽሑፍ ኣሎ'ሞ ኪድ ርሓቕ፡ ሰይጣን በሎ።11-ድሕርዚ ድያብሎስ ሓደጎ
እንሆ ድማ መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ!! (ማቴዎስ 4፡1-11) ነንብብ።

ክቡራን ህዝበ ክርስትያን፡ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍ ቀዳማይ ጐታ ቀድሚ ትምህርቱ
(ስርሑ) ምጅማሩ ምጻሙ ንምሃር፡ ድያብሎስ ክፍትኖ ኾሎ ጽሑፍ እናጠቐሰ'ዩ
ጐታ ኸኣ ብጽሑፍ ዓጺዎ፡ ንሕናኸ ኸይተምሃርና ንዝመጻና ክንምክቶ ንኽእልዶ፧
ብፍጹም!! ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍ ስስዐ፡ትዕቢት፡ህርፋን ስልጣንን ገንዘብን፡ ከምዝስዓረ
ልና ንምልከት፡ ኣብመጨረሻ ኸኣ ድያብሎስ ተሳዒሩ ምስሓደጎ መላእኽቲ መጺኦም
ኣገልገልዎ ይብለና። ሰይጣን ከኣ መላእኽት ሓጊዘሞ'ዩ ስዒሩኒ ንኸይብል ንሕናኸኣ
ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ ኵሉ ቓል ን'ኹሉ ከምንስዕሮን መላእኽቱ ኸምዝልእኽል
ናን ንኽምህረና ገበሮ!! ቃሉ ኣብሊብና የሕድረልና፡ጾምና በሰላም የፈጽመ ኣሜን!!
ክብሪ ንእግዚኣብሄር ይኹኖ ንዘለኣለም ኣሜን !!!

*ክቡራን ምእመናን ጐታ ዝብል ጎይታ/ና ኢልኩም ክተንብብዎ ብትሕትና ንሓተኩም። ምስ
ብዙሕ ይቕረታ ካሳብ ነመሓይሾ።*